# እቲ ናይ ቅድሚ ትምህርቲ ምርጫ ኣብ ዕለት 1 ጥሪ 2019 ኽካየድ እዩ

ኣብ ወርሒ ጥሪ ናይ ቅድሚ ትምህርቲ ምርጫ ንምግባር ሓደ ዕድመ ክመጽኣካ እዩ።
ኣብ’ቲ ዕድመ ናብ ናይ ኦስተርሹንድ ኮሙን መርበብ ብዙሃን ናይ ኤለትሮኒካዊ ኣገግሎት ሓደ መተኣሳሰሪ ኣሎ።
እቲ ኤለትሮኒካዊ-ኣገልግሎት ዕለት 14 ጥሪ ምስ ተኸፍተ ክሳብ ዕለት 27 ጥሪ ኽካየድ እዩ።

## ኤለትሮኒካዊ-መንነት የድልየካ

መንነትካ ንምርግጋጽ ኤለትሮኒካዊ-መንነት ወይ ተንቀሳቓሲ ናይ ባንካ መንነት (mobilt bank-id) የድልየካ።
በዚ ባንክኻ ወይ ቤት ጽሕፈት ግብሪ ክሕግዙኻ ይኽእሉ እዮም።
ዝያዳ ሓበሬታ ኣብ www.e-legitimation.se ኣሎ።

ኣብ’ቲ ኣለትሮኒካዊ-ኣገልግሎት ሓደ ኤለትሮኒካዊ-ኣድራሻ ክትህብ ከምዘለካ ኣስተውዕል። ሓደ ካብ’ቶም ንኽዕብዩ ሓላፍነት ዘለዎም እዩ ነቲ ምርጫ ዝገብሮ፡ ብድሕሪኡ እቲ ካልኣይ ንኽዕብይ ሓላፍነት ዘለዎ ነቲ ምርጫ ኣብ’ቲ ኤለትሮኒካዊ-ኣገልግሎት የረጋግጽ።
እቲ ናይ ምምዳብ ሓበሬታ ኣብ መወዳእታ ለካቲት ብኣለትሮኒካዊ-ደብዳቤ ይለኣኽ።
እቲ ውላድካ ዝምደበሉ ቤት ትምህርቲ፡ ኣብ ጽድያ ናይ 2019 ንሓደ ናይ ሓበሬታ ኣኼባ ናብ’ቲ ቤት ትምህርቲ ይዕድም።

## እቲ ኣነ/ንሕና ዝመረጽክዎ/ናዮ ቤት ትምህርቲ ይወሃብ ድየ?

ንተመሀራይ ብዝተኽእለ መጠን ካብ’ቲ ናይ ከዕብይ ሓላፍነት ዘለዎ ምንዮት ተበጊስና ኢና ንምድቦ። እንድሕር ናብ ሓደ ኮሙናዊ ቤት ትምህርቲ ናይ መመልከቲ ብዝሒ ካብ’ቲ ዘሎ ቦታ ንላዕሊ ኮይኑ፡ ኣብ ናይ ብመጠኑ ቅርበት መትከል ዝተመርኮሰ መረጸ ይግበር። ብዛዕባ ናይ ኦስተርሹንድ ኮሙናዊ ቤት ትምህርትታት ብዛዕባ ምቕባል መትከላትን ትሕዝቶ ብመጠኑ ቅርበትን ኣብ መርበብ ብዙሃንና፡ **www.ostersund.se/skolval** ኣሎ።

ካብ ኮሙን ነጻ ዝኾና ቤት ትምህርትታት ናይ ገዛእ ርእሰን ናይ ምቕባል መትከል ኣለወን። ንዝያዳ ሓበሬታ ምስ’ታ ዝምልከታ ካብ ኮሙን ነጻ ቤት ትምህርቲ ርክብ ግበር።

## እንድሕር ሓገዝ ኣድልዩካ

እንድሕር ኮምፕዩተር ዘይብልካ ኾይንካ ወይ ናይ ቅድሚ ትምህርቲ ምርጫ ውልቃዊ ደገፍ ክትወሃብ ደሊኻ ንሕና ክንሕግዘካ ኢና። ምስ ናይ ዓማዊል ማእከል ርክብ ብምግባር ቆጸራ ሓዝ።
• ኤለትሮኒካዊ-ደብዳቤ፡ kundcenter@ostersund.se
• ቁጽሪ ስልኪ፡ 063-14 30 00።
ናብ’ቲ ኣብ ናይ ሮድሁሰት ዘሎ መቐበሊ ናይ ዓማዊል ማእከል እውን ክትበጽሕ ትኽእል ኢኻ።
ክትከይድ እንከለኻ መንነት ወረቐትካ ተማላእ።

**ብዛዕባ ናይ ቅድሚ ትምህርቲ ምርጫ ኣብ መርበብ ብዙሃንና፡ www.ostersund.se/skolval ኢ.ኻ ትረኽቦ።**

ÖSTERSUNDS KOMMUN
Böle BYSKOLA
Friggaskolan EN DEL AV PYSSLINGEN SKOLOR
PROLYMPIA EN SKOLA I RÖRELSE
Östersunds Waldorfskola